# ካብ ንጥፈታት ክፍሊ ጒዳያት ደቂ ኣንስትዮ ሰ.ህ.ኤ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 25.02.2009

ብጸይቲ ገርጊስ ነጋሽ፡ ምኽትል ኣደ መንበር ክፍሊ ጒዳያት ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዕለት 17-18 ጥሪ 2009 ኣብ መደበር ስደተኛታት ማይ ዓይኒ ናይ ክልተ መዓልቲ ብጽሖት ኣካይዳ። ዕላማ ናይ'ዚ ብጾሖት ከኣ፡ ኩነታት ስደተኛታት ብሓፈሻ፡ ኾነታት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ብቐረባ ንምክትታል ኢዩ ነይሩ።

ብጸይቲ ገርጊስ፡ ኣብ ማይ ዓይኒ ምስቶም ስደተኛታት ኣብ ዝገበረቶ ርክብ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኾነታት ሃገርናን ህዝብናን ሰልፍናን መብርሂ ሂባ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ብማሕበር ተጠርኒፉን ሽግራተን ንምፍታሕ ክቃለሳ ኣዘኻኺራ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ናይ ገዛእ ርእሰን ናጻ ማሕበር መስሪተን ንመስላተን ክቃላሳ ዘለወን ቅሩብነት ኣረጋጊጸናላ። ነዚ ዕማም'ዚ ዝከታተላ ደቂ ኣንስትዮ ተመዚዘን ምህላወን ውን ካብ'ቲ ከባቢ ዝረኸብናይኦ ሓበሬታ የረጋግጽ።

ብጸይቲ ገርጊስ፡ ብ4 ነሓሰ 2008 ንተመሳሳሊ ዕላማታት ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ በጺሓን፤ ምስ'ተን ብደረጃ ማሕበር ተጠርኒፉን ዝጸንሓኣ ደቂ ኣንስትዮ ጠቓሚ ርኽክባት ኣካይዳን ምንባራ ውን ዝዝከር ኢዩ።

ብ24 ጥሪ 2009 ድማ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝርከባ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብምርኻብ ብ3 ኣባላት ዝቐመት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ መስሪታ ምህልዋ ተፈሊጡ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ሃገር ሽወደን ከተማ ስቶክሆልም 3 ኣባላት ዘለውኣ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ቈይማ ኣላ።